እንሆ ፍቓድ ኣምላኽ ኮይኑ ብስም እኖና ኪዳነምሕረት እተሰምየ ቤት መቕደስ ኣምላኽ፣ ብውሕሉል ኣገባብ ተሃኒጹ፣ ከቢድ ወጻኢ ተጌሩላ፣ ብኃይሊ ኣምላኽ ኣብ ፍጻሜ በጺሓ፣ ትጽምበል ኣላ። እዚ ንምርኣይ ዘብቀዓና እግዚኣብሔር ምስጋና ይኹኖ። እዚ ክውን ንምግባር ዝጸዓርኩምን ዝደኸምኩምን ኩልኹም፣ ሊቀጳጳሳት ብፁዕ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም፣ ቆሞሳት፣ ሽማግለታት፣ ቁምስና፣ ደብረ ኪዳነምሕረት ደቀምሓረ፣ ገበርቲ ሰናይ፣ ብገንዘብ፣ ሞያ፣ ብጉልበት ብሓሳብ፣ ጸሎት፣ ዘበርከትኩም መፍቀርቲ እኖና ኪዳነ ምሕረት ኩልኩም እንቛዕ ኣሞጎሰኩም፡ ቢሎም፣ ናይ ዕለቱ ቃለ እግዚኣብሔር ከስምዑ፣ ንብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥተኣብ ዓደሙ። ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥተኣብ ከኣ ነዚ ዚስዕብ ሰብከት ኣስምዑ ኣይብኃይልናን ብኃይሊ ኣምላኽን ብኃይሊ እታ ኣደ ምሕረትን፣ እንሆ (ድሕሪ ሓያሎ ዓመታት) ሓዲስ ሕንጻ ቤተክርስትያን ተዛዚሙስ ንጽምብል በቒዑ ይርከብ። ስለዚ ኃቢርና ነቲ ኣጀሚሩ ዘፈጸመና ልዑል ኣምላኽ ነመስግኖ።

ሕንጻ ቤተክርስትያን፡ ከምስሙ፡ ናይ ምእመናን፡ ናይ ሕዝበ እግዚኣብሔር ቤት ማለት እዩ። ኣብዚ ቤት እዚ ዝእከቦምን ዝረኽቦምን ግን ባዕሉ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። ብቅንዕናን ብትሕትናን ንቤተክርስትያን እንተ ተጋሲሶም ብቃሉን ብሥጋኡን ደሙን እንዳመገበ ምሕረትን ድኅነትን



ከምዝረኽቡ ይገብር። ንስኻትኩም ግና ዕብየት ናይቲ ካብ ጸልማት ናብቲ ዜገርም ብርሃኑ ዝጸውዓኩም ምእንቲ ክትነግሩ ኅሩይ ወለዶ፡ ናይ ንጉሥ ካህናት፡ ቅዱስ ሕዝቢ፡ ጥሪት ኣምላኽ ዝኾነ ሕዝቢ ኢኹም። ንስኻትኩም ቀደም ሕዝቢ ኣይነበርኩምን፣ ሕጂ ግና ሕዝቢ ኣምላኽ ኢኹም። ቀደም ምሕረት ኣይረኸብኩምን ነበርኩም፣ ሕጂ ግና ተማሒርኩም ኢኹም፡ (1ጴጥ 2፡9-10)። መዝሙር ዘሕንጼሃ ከምዝብሎ ንቤተክርስትያን ሣረራ ኣብ፣ ሓነጻ ወልድ፣ ወፈጸማ መንፈስ ቅዱስ፡፣ ንቤተክርስትያን እግዚኣብሔር ኣቦ ይሰርሓ፡ እግዚኣብሔር ወልድ ይሓንጻ፣ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ይፍጽማ። ስለዚ ነቲ እንነብረሉ ቤትን ከባብን ሓዲግና ናብ ቤት እግዚኣብሔርን ቤትናን ክንከይድ ከሎና ዓብይ ናይ እምነት ስራሕ ኢና እንገብር። ከምቲ መጽሓፈ ቅዳሴና ዝብሎ፣ ኦ ጐይታ መዘከርታ ሕማማትካ ክንገብርን፡ ኣብ ትንሣኤኻውን ክንካፈልን ዝተኣኻኸብና፣ ንሕናውን ኦ ጐይታ ኣምላኽና ንልምነካ ኣሎና። እዛ ኅብስቲ እዚኣ ኣብ ማእከል እምባን ኲርባን ኣብ በረኻን ቆላን ዝተበተነት ክነሳ ተኣኪባ ሓንቲ ፍጽምቲ ኅብስቲ ከም ዝኾነት፣ ከምኡ ከኣ ንኣና ካብ ኲሉ ኃጢኣትን እኩይ ኅሊናን ኣንጺሕካ ናብ ፍጹም እምነትካ ብመለኮትካ ኣክበና፡ (ቅዳሴ ዮሓንስ ወልደ ነጐድጓድ) እናበልና ነቲ ፍልልይና ዘይኮነ ነቲ ብክርስቶስ እንረኽቦ ሓድነት ነደልድልን ንቤት እግዚኣብሔር ንሓንጽን ኣሎና ማለት እዩ።

ከምቲ ኣብ ሥርዓት ቡራኬ ሓዲስ ሕንጻ ቤተክርስትያን ዝብሎ፡ እቲ ዝባረኽ መንበረ ታቦት ንዝተጨነቓ ነፍሳት ጸግዒ፡ ንኹሉ ሓሳብን ግብርን ዝመርሕ፡ ካብቲ ብፍቓድናን ብዘይፍቓድናን እንገብሮ ኃጢኣት ዘንጽሕ፡ ካብ ጽልመት ኅሊና ነጻ ዝውጽእ፡ ንኲሉ ሰብ ዝሓሊ፡ ንኲሎም ጻድቃን ምልኣት ዝህብ፡ ታቦት እዩ፡ (ቡራኬ ሓዲስ መንበረ ታቦት)። እምበኣር ነቲ እግዚኣብሔር ኣብ ትንቢት ኢሳይያስ ነቢይ ቤተይሲ ንኲሎም ኣሕዛብ ቤት ጸሎት ተባሂሉ ኪስመ እዩ፡ (ኢሳ 56፡7) ንዝበሎ ቃል ዘኪርና ነዛ ሓዳስ ሕንጻ ቤተክርስትያንና፣ ቤት ጸሎትን ቤት ምህልላን፣ ቤት ዕርቅን ቤት ንስሓን፣ ቤት ንጽሕናን ቤት በረኸትን፣ ምእንቲ ክትኮነልና ነፍስ ወከፍና ብትግሃት ብእምነት ብኅብረት ንጠቐመላ ንክናኸና ንሽልማ። በዚ ከኣ ብኣማላድነት ኣዴና ኪዳነ ምሕረት እግዚኣብሔር ጸጋ ኣብ ልዕሊ ጸጋ ከፍስሰልና እዩ። ንሕንጻ ቤተክርስትያን ዘገርሞ ሕዝበ እግዚኣብሔር ክመልኦን ከምልኸሉን ክምህለሉን ከሎ እዩ እሞ ኩልኹም ተፈሳሕኩ እስመ ይቤሉኒ ቤተ እግዚኣብሔር ንሓውር፡ ናብ ቤት እግዚኣብሔር ንከይድ ኣሎና ምስ በሉኒ ተሓጐስኩ፥ ኦኢየሩሳሌም እንሆ መጺእና ኣብ ደገታትኪ ደው ኢልና ኣሎና፡(መዝ 122፡1-2) እናበልኩም ናብኣ ተቐዳደሙ። እታ ኣደ ምሕረት ከኣ ወትሩ ኢዳ ዘርጊሓ ክትቅበለኩም እያ፡ ኢሎም ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ንኩሎም ብጉልበት ብንዋትን ብሞያን ዘበርከቱ በብሓደ ኣመስጊኖም። ቅዳሴ ቀጺሉ።

በዚ እቲ ናይ ቤተክርስቲያን መደብ ኣብቂዑ፣ ተሳታፊ ጽንብል ኩሉ ንኣጋይሹ ዓጂቡ፣ እናዘመረን እናተሐጎሰን ናብቲ ነቲ በዓል ዝተሰናደወ ስሉም ኣዳራሽ ኣምርሐ፣፣ ኣብኡ ከኣ ኩሉ ተሳታፊ በዓል ብሓልዮት ቁምስና ዝተሰናደወ ብምዕሩግን ሓናጽን ኣገባብ ኩሉ ዘድሊ ዝተቀረበሉ ጥዑም ሺሻይ ተሳሰየ፣፣ ኣብቲ ኣዝዩ ሕጉስ ሓዋህው ኣባላት ክልቲኡ ሃይማኖታት ክርስትናን ምስልምናን እንኪሳተፉ፣ ዕዱማት በቲ ኩሉ ኣገባብ ሓጎሶም ገሊጾም፣ ብሓድነትን ብፍቕርን ብምክብባርን ክንነብር ብምልባው ቃል ሓጎሶም ገሊጾምን ህያቦም ኣወፍዮምን፣፣ ብፁዕ ኣቡነ ፍቕረማርያም ከም መዛዘሚ ኣብ ዝሃብዎ ለበዋ እዚ ሕንጻœዚ ብእምንን ሽመንቶን ዝተሃንጸ ቤት ኣምላኽ ኢዩ።እቲ ቀንዲ ኣምላኽ ዝሃንጾ ሕንጻ ግን ንሕና ኢናœሞ፣ ነዚ ሕንጻ ናይ ኣምላኽ ዝኾነ ሕይወትና ብንጽሕና ንሓልዎ ኢሎም። ኣብ መወዳእታ ከኣ ቆሞስ ክቡር ኣባ መብራህቱ የማነ ንኩሎም ተሳተፍቲ ኣመስጊኖም፤ ንኩሎም እቶም ኣብ ምሕናጽ እዚ ደብሪ ዝተዋስኡን ዘበርክቱን ብፍላይ ንናይ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ተበግሶን ጻዕርን ኣሞጉሶም፣ ካብ ውሽጥን ወጻእን ብንዋት ብጉልበት፣ ብገንዘብ፣ ብጸሎት ዝሓገዙ ንኩሎም በብሐደ ኣመስጊኖም፣፣ በዚ ከኣ እቲ ምዕሩግ ጽንብል ብሓጎስ ተፈጺሙ፣ ተሳታፊ ብሰላም ነናብ ቦታኡ ተመልሰ፣፣

**ሓበሬታ**

**ብምኽንያት ጽበት ቦታ፣ ዜናታት ዓውደ- መጽናዕቲ ብዛዕባ መምርሒ መሰል ቆልዑ፣ ክብረ በዓላት- ደብረ ቍስቋም ጉላ፣ ቅዱስ ሚካኤል ሓልሓለን፣ ዓዲ ተከለዛንን ከምኡœውን ክብረ በዓል ጽንሰታማርያም እምባጋልያኖ ኣብ ዚመጽእ ኅታም ከነቕርቦ ኢና።**





# ብሥራት

ጥቅምቲ- ሕዳር 2017 ዓ.ም.ፈ ኅታም ቍ.117 ካቶሊካዊ ቤትጽሕፈት ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ (Catholic Secretariat – Archeparchy Asma-

## ሓዋርያዊ መገሻ ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ንኣውሮጳ



(ኣብ 2ይ ገጽ)

## ሓድነታዊ ምብጻሕ ኣባላት ማኅበር ጉባኤ ጳጳሳት ምሥራቕ ኣፍሪቃ ንኤርትራ



(ኣብ 3ይ ገጽ)

## ሓዋርያዊ መገሻ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥተኣብ ኣብ ኣውሮጳ

ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ዘመንበረ ኣሥመራ፣ ካብ 23 ነሓሰ ክሳዕ 20 ጥቅምቲ 2017 ኣብ ሓሙሽተ ሃገራት ኣውሮጳ ማለት፣ ዓዲ ጥልያን፣ በልጁም፣ ሆላንድ፣ ሰዊዘርላንድ፣ ጀርመን ብምኻድ ኣብ ዝተፈላለየ ኣኼባታት ተሳተፎምን ሓዋርያዊ ኣገልግሎት ንምእመናን ሃገርና ሂቦምን፣ ሓዋርያዊ መገሻኦም ፈጺሞም፣ ብ21 ጥቅምቲ ነሥመራ ተመሊሶም።

ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ብ23 ነሓሰ ብናይ ዱባይ መጎዓዝያ ነፋሪት ካብ ኣሥመራ ተበጊሶም፣ ብ24 ነሓሰ ሮማ ኣትዮም፣ ንጽባሒቱ 25 ነሓሰ ከኣ ናብ መነን| እትበሃል ከተማ ናይ በልጁም ከይዶም። ኣብኡ ቀዳምን ሰንበትን ምእመናን ዘሥርዓተ ግዕዝ ተኣኪቦም ጸኒሖምዎም፣ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ከኣ መስዋዕተ ቅዳሴ ብምዕራግ፣ ንተቐሪቦም ዝጸንሑ ምእመናን ምስጢረ ተኸሊልን ምሥጢረ ጥምቀትን ሂቦም። ሰኑይ ምእመናን ካብ ኣምስተርዳም መጺኦም ሒዞሞም ናብ ሓደ ገዳም ዶር ማርያ ቶር የሱ (ብማርያም ናብ ኢየሱስ) ዝብል ጭርሖ ዘለዎ ገዳም ናይ ደናግል ዝነበረ፣ ብዙሕ ሰብ ሱባኤ ዝገብረሉ ማእከል ሱባኤ ከተማ ሆላንድ ወሲዶምዎም።

ካብኡ ንጽባሒቱ 28 ነሓሰ ናብ ኡትራኮም ዝበሃል ዓቢይ ከተማ ከይዶም። 29 ነሓሰ ከኣ ናብ ሮተርዳም ብምኻድ ምስ ኣቡን ናይ ሮተርዳም፣ ከምኡœውን ብዕለት 30 ነሓሰ ምስ ካርዲናል ኣምስተርዳም ተራኺቦም። ቀዳም ዕለት 1 መስከረም ኣብኡ ቅዳሴ ኣዕሪጎም፣ ኤርትራውያን ቃል ኪዳን ዝኣሰሩን ሜሮን ዝቕብኡን ዝጥመቑን ነይሮም። ኣብዚ ኣባ መድኃኔን ኣባ ሙሴን ኣሰንዮምዎም። ምስ ቤት ምኽሪ ምእመናን ኣኼባ ኣካይዶም፣ ምእመናን ከኣ ናይ ካህን ጽምኢ ከምዘለዎም ነጊሮምዎም።

ብፍላይ ኣብ ሆላንድ 1000 ዝኾኑ ምእመናን ተመዝጊቦም ኣለዉ። ሰንበት 2 መስከረም ኣብኡ ዊዒሎም፣ ዕለት 3 መሰከረም ንስዊዘርላድ ከይዶም። ኣብኡœውን ዝተፈላለየ መደባት ነይሩ። ኣብ ሆላንድ ኮነ ኣብ ስዊዝ ናይ ቅ.የሓንስ ቅዳሴ ኢዩ ነይሩ። ኣብ በርፒ ጥምቀት ነይሩ። ኣብኡ ብዛዕባ ፍቕሪ ሓድሕድን ብግዚያዊ ምቾት ከይታለሉ፣ ብሕብረት ክነብሩ ንሰይጣን ዕድል ከይህብዎ፣ ምስቶም ኣብኡ ዘለዉ ቆሞሳትን ሕዝብን ከኣ ሕብረት ክህልዎም ምዒዶም። ኣብ ስዊዝ ምስቶም መራሕቲ ናይ ኩለን እተን ናይ ስዊዝ ከተማታት ዘሎዉ ምእመናን ተራኺቦም፣ ብጉዳይ ጉስነት ተዘራሪቦም። ኣብዚ ኣኼባ 30 ዝኾኑ መራሕቲ ኣብ መላእ ስዊዝ ዝርከቡ ማሕበራት መጺኦም ነይሮም። ኣብዚ ናይ ኣኼባ በርን፣ ኣብ ሆላንድን ኣምሰተርዳምን ኣብ ኩሉ እዞም መራሕቲ ኣብ ዝተኣከቡላ ካህን ኢዮም ዝሓቱ። ካህን ከተሕድሩ ትክእሉ ዲኹም ኢሎም ምስሓተትዎም ከኣ እወ እዮም ኢሎም።

ዕለት 9 መስከረም ሰኑይ ናብ ዓዲ ጥልያን ንበርጋሞ ከይዶም። ኣብኡ ሰለስተ መዓልቲ ዕረፍቲ ገይሮም። ድሕሪኡ ኣብ ቬሮና ኤዮቤል ናይ ኮምቦናውያን ናይ 150 ምስረትኦም ስለ ዝነበረ፣ በቲ ምኽንያት እቲ ጳጳሳት ናይ ማሕበር ኮምቦኒ ኣብ ሊሞኒ ስምጋርዳ ዝብሃል ቅዱስ ኮምቦኒ ዝተወለድሉ ዓዲ ኪኸዱ ኣብኡ ተኣኻኪቦም፣ ኣረጋውያን ናይ ኮምቦኒ ስለ ዝነበሩ ምስኦም ክሳዕ ፍርቂ መዓልቲ ዊዒሎም። ድሕሪ ምሳሕ ናብ ሊሞኒ ተጓዒዞም። ኣብኡ ምስ ኣተዉ ናይ 5 መዓልቲ መደብ ተሰናድዩ ስለዝነበረ ሰንበት 16 መስከረም ኣብቲ ቅዱስ ኮምቦኒ ዝተጠምቐሉን ናይ መጀመርያ ቅዳሴ ዝቐደስሉን ቤተክርስቲያን ቀዲሶም። 18 ኮምቦናውያን ጳጳሳት ነይሮም፣ ገሊኦም ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዘይመጹœውን ነይሮም። ኣብኡ ናይ ተመክርኦም ምልውዋጥን ብዛዕባ 150 ዓመት ምሥረታ ማሕበሮምን፣ ኣስተንትኖን ኣስተምህሮታትን ገይሮም። ብድሕሪœዚ ቀዳም 23 መስከረም ናብ ሚላኖ ተመሊሶም፣ ብ24 መስከረም ከኣ ኣብኡ ንዘሎዉ ሕዝብና መስዋዕተ ቅዳሴ ቀዲሶምሎም። ብዛዕባ በዓል ቅዱስ ዮሓንስ ሰቢኾም ዓሻስ ብልቡ እግዚኣብሔር የሎን| ዝብል እዋናዊ መልእኽቲ ኣመሓላሊፎምሎም። ቀጺሎም ንሮማ ብምምላስ ኣብቲ ካብ ሰኑይ 25 ክሳዕ 30 መስከረም ኣብ ሮማ ዝተኻየደ ኣኼባ ክልተ ኮሚሽናት ስርዓተ ኣምልኾ ብፍላይ ብዛዕባ መጽሓፈ ቅዳሴን መጽሓፈ ምስጢራትን ዝዘተየ ናይ መወዳእታ ኣኼባ ኣብ ደናግል ደቂ ፍቕሪ ተሳቲፎም። ዕለት1 ጥቕምቲ ሰንበት ኣብ ቅ.ቶማስ ሮማ ምስ ሕዝብና ናይ በዓለ መስቀል ቅዳሴ ኣዕሪጎም።

ቀጺሉ ካብ ዕለት 5 ክሳዕ 6 ጥቅምቲ፣ ኣብ ሮማ ዝተኻየደ፣ ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝመጹ ኣባላት ዝተሳተፍዎ፣ ናይ ካሪታስ ኣኼባ ተሳቲፎም። ካብ 9 ክሳዕ 12 ጥቕምቲ ከኣ ኣብ ሰሰለስተ ዓመት ዝካየድ ናይ መራሕቲ ምስራቃውያን ኣብያተ ክርስቲያናት ሓፈሻዊ ጉባኤ፣ ፓትርያርክታት፣ ሊቀጳጳሳት፣ ካርዲናላት ብሓፈሻ 40 ዝኾኑ ተሳተፍቲ ዝነበርዎ ጉባኤ ተሳቲፎም። ብዛዕባ ምስራቃውያን ኣብያተ ክርስቲያንን ካልእ ዓለምለኻዊ ጉዳያትን ኣልዒሎም ዘትዮም፣ ተመኩሮታት ተለዋዊጦም፣ ኣስተምህሮታትœውን ቀሲሞም። ኤርትራ ርእሰ ምሕድርቲ ካብ እትኸውን ንመጀመርያ ግዜœያ ኣብዚ ጉባኤ ትሳተፍ ዘላ።

እዚ መዓልታትœዚ ጉባኤ ዝተኻየደሉ ጥራሕ ኣይነበረን። ናይታ ንምስራቓውያን ኣብያተ ክርስቲያን እትሓሊ ክፍሊ ቅ.መንበር እተካይዶ፣ ብዛዕባ ምስራቓውያን ፍሉይ መጽናዕትን ምርምርን እተካይድን ካብዘን ኣብያተ ክርስቲያን ንዝመጹ ተማሃሮ እትኩስኵስን ቤት ትምህርቲ (Instituto Orientale) መበል 100 ዓመት ኢዮቤል እተብዕለሉœውን ኢዩ ነይሩ። ተሳተፍቲ ናይዚ ጉባኤን ኢዮቤልን ኣብቲ ናይ ሮቡዕ- ሮቡዕ ርእሰ ሊቃነጳጳሳት ኣስተምህሮ ዝህብሉ መደብ (General audience) ኣብ ቅርዓት ቅዱስ ጴጥሮስ ምስ ርእሰ ሊቃነጳጳሳት ፍሉይ ቦታ ተዋሂብዎም እንኪሳተፉ ንርእሰ ሊቃነጳጳሳት ሰላም ክብልዎምœውን ዕድል ረኺቦም። ኩሎም ኣብ ናይቲ በዓል ግብጃœውን ተሳቲፎም። ሓሙስ ንግሆ ኣብ ከባቢ እቲ ቤት ትምህርቲ እትርከብ ካብተን ዓበይቲ ባዚሊካታት ሮማ ደብረ ቅድስቲ ማርያም (ሳንታ ማርያ ማጆረ) ምስ ርእሰ ሊቃነጳጳሳት መማህራንን ተማሃሮ ዝተሳተፍዎ ናይ ምስጋና መስዋዕተ ቅዳሴ ብሓባር ኣዕሪጎም። ድሕሪ ቀትሪ ከኣ ኣኼባኦም ቀጺሎም።

ዓርቢ ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣቡነ መንግሥተኣብ ኣብ ጀርመን ምስ ምእመናን ክራኸቡን ኣብ ሓደ ሓደ ኣብያተ ጽሕፈት ክበጽሑን መደብ ስለዝነበሮም ናብ ሃምበርግ ዝበሃል ዓቢይ ከተማ እንክኣትዉ ምእመናን ብኽብሪ ተቐቢሎሞዎም። ንጽበሒቱ ቀዳም 14 ጥቅምቲ ከኣ ምስ ናይ ካሪታስ ናይ ወጻእተኛታት ሓላፊ፣ ምስ ኣካየድቲ ኮሚቴ ምእመናን ኣብ ኣኼባታት ዊዒሎም። ከም ስርዓተ ግዕዝœውን ንምእመናን ቀዲሶምሎምን ብምስጢረ ንስሓ ኣገልጊሎምዎምን። ሰንበት ንሮማ ተመሊሶም። ኣብ ሮማ ዝነበሮም ቆጸራታትን ጉዳያትን ኣሳሊጦም እቲ ኣድካሚ ግን ከኣ ዕዉት ብዙሕ ጉዳያት ዝዓመምሉ መገሻ ፈጺሞም፣ ብ21 ጥቅምቲ ብሰላም ንሃገሮም ተመሊሶም።



ክልተ ዓመት ተመክሮ ስነ-መዕበያ ድሕሪ ምፍጻም፣ ብ1962 ብናይ መጀመሪያ መብጽዓ ንኣገልግሎት እግዚኣብሔርን ኣሕዋትን ሕይወተን ወፊያ። ብ1968 ከኣ ብናይ መወዳእታ መብጽዓ ምሉእ ሕይወተን ንኣምላኽ ተወፊያ።

እናቱ ለተጊዮርጊስ ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ንብዙሕ ዓመታት ብናይ ምምህርና ሞያ ካልእ ሓዋርያዊ ስራሕን ብዓቢይ ተወፋይነት ሓላፍነትን ኣገልገላ።

### ቡራኬ ሓዲስ መቓብር ሕንጻ መካነ ጸጸራት



ንነዊሕ መዋዕል መቓብር ጸጸራት ምእመናን እቲ ጸገም ንምፍታሕ ብቤተክርስቲያን ከገልግል ዝጸንሐ መካነ ዘካቶሊካውያን ቦታ ስለዝመልአ፣ነቲ ንሓያሎ ዓመታት ሓደ ሓደ ስጉምቲ ክውሰድ ከም ዝጸንሐ ዝፍለጥ ኮይኑ፣ ብፍላይ ካብ መጋቢት 2014 ዓ.ም ጀሚሩ ግን ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ምስ ቆሞሳትን ምእመናንን ብምምኻር ንእኡ እትከታተል ኮሚቴ ብምቛም እቲ መስርሕ ዳግመ ሕንጻ ተጀሚሩ። ዘድሊ ምስንዳው ድሕሪ ተኻይዱ። ንኣስታት 4,500 ኣስከሬን ክሕዝ ዝኽእል ቦታ ንክሕነጽ ብ2 መጋቢት 2017 ዓ.ም ብፁዕ ሊቀጳጳሳት እምነ መሰረት ከምዘንበርሉ ይፍለጥ። ዝሓለፈ 10 ሕዳር ከኣ ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣብ መካነ መቓብር ጸጸራት ምስ ቆሞሳት መስዋዕተ ቅዳሴ ድሕሪ ምዕራግን ጸሎት ምእንቲ ሙውታን ድሕሪ ብምብጻሕን ምእመናን ቁምስናታት ኣሥመራ ኣብ ዝተረኸበሉ ነቲ ብከፊል ተሰሪሑ ዘሎ ሕንጻ ድሕሪ ባሪኾም ብ10 ሳንዱቕ ኣስኬሬናት ምግዓዝ ጀሚሩ ኣሎ። ድሕሪ ቅሩብ ግዜ ከኣ ናይ 70 ሰባት ክግዕዝ ኢዩ። ከምኡ እናበለ ከኣ ናይቶም ቀዳሞት ብክብርን ብኣገባብን ምግዓዝ ኪቕጽል ኢዩ። እቲ ናጻ ቦታ ድማ ንሓደስቲ መቓበሪ ኪኸውን ኪጅምር ኢዩ።

ኣብቲ ዕለት ብፁዕ ሊቀጳጳስ ድሕሪ ንባብ ቅዱስ ወንጌል ሓሳብ ናይቲ ዕለት መስዋዕተ ቅዳሴ፣ ነቲ ብከፊል ተፈጺሙ ዘሎ ሓዳስ ሕንጻ መቓብር ብምብራኽ፣ ነቲ ናይ ቀዳም ኣስኬሬናት ናብዚ ሓዳስ ህንጻ ምግዓዝ ንምጅማር ኢዩ። እቲ ስራሕ ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ ኣብዚ ምብጽሑ ዓቢይ ዓወት ኢዩ ኢሎም። ንኹሎም እቲ ስራሕ ኣብዚ በጺሑዎ ዘሎ ደረጃ ክበጽሕ፣ ብንዋት፣ ብገንዘብ፣ ብጉልበት፣ ብጸሎት ዘበርከቱ ኣመስጊኖም። ደጊም እቲ ናብ ናይ ትውልዲ ዓዲ ከይድካ ንምቕባር ዝነበረ ጸገም ከብቅዕ ተስፋኦም ገሊጾም።

እዚ እንገብሮ ዘሎና ምውታን ናይ ምኽባር ኣገባብ ናይ እምነት ስራሕ ኢዩ። እዚ ከኣ ድሕሪ ሞት ሕይወት ከም ዘሎ ስለ ንኣምን ኢዩ። እዚ ሓጺር ሕይወትና ምስ ተወድአ፣ ኣብ ሰማይ ቤት ተዳልዩልና ኣሎ። ኣብኡ ዘለዓለማዊ ሕይወት ኣሎና። ብዙሓት ኣብዛ ምድሪ ምሕጓስ እምበር ብናይ ዘለዓለም ሕይወት ተስፋ ምግባር ኣየድልን ዝብሉ ንሃይማኖት ከም ዕሽነት ዝቆጽርዎ ኣብ ዓለም ብዙሓት ኣለዉ።

እንተኾነ ኢየሱስ ትንሣኤን ሕይወትን ኣነ እየ፣ እቲ ብኣይ ዝኣምንሲ እንተ ሞተ እኳ ብሕይወት ክነብር ኢዩ| ስለ ዝበለና፣ ኣብዚ ምድሪœዚ ከምቲ ንሱ ዝበለና ብጥምቀት፣ ብንስሓ፣ ቅዱስ ስጋኡን ደሙን እንተ ተመገብና ዕርቡን ዘለዓለማዊ ሕይወት ኣሎና። ምስ ምዉታን ከኣ ሓደ ስድራ ኢና። እምነትና ነሐድስ። ንናይ ሰብ መፈጸምታት፣ ሞት፣ ፍርዲ መንግሥተሰማይ፣ ገሃነመእሳት እናሓስብና፣ ብወንጌል ንመራሕ ቢሎም ኣባታዊ ቃሎም ኣስሚዮም።

ኣብ መወዳእታ ከኣ እንቛዕ ነዚ ኣርኣየና፣ እንተኾነ እቲ ስራሕ ኣይተፈጸመን ዝተረፈ ብዙሕ ኢዩ፣ ጻዕርና ንቐጽሎ፣ ነዚ መካነ መቓብርœውን ብወፈራ ከነጽርዮ፣ ክንከናከኖ ኣሎና ኢሎም። መስዋዕተ ቅዳሴ፣ ጸሎት ሙታን፣ ሰርዓተ ምግዓዝ እስኬሬናትን ምስ ተፈጸመ ከኣ ጸብጻብ ኮሚቴ ዳግመ ሕንጻ መካነመቓብር ጸጸራት ብዛዕባ ክሳዕ ሕጂ ዝተገብረ ናይ ምእመናን ወፈራዊ ስራሕን ገንዘባዊ ኣበርክቶን ብኣባ ኮኾበ ተወልደ ቀሪቡ።

## ቡራኬ ሓዳስ ቤተክርስቲያን- ደቀምሓረ

ሰንበት 12 ሕዳር 2017 ዓ.ም ክትሕነጽ ትሽዓተ ዓመት ዝወሰደት ሓዳስ፣ ገፋሕን ውቅብትን ቤተክርሰርቲያን ደብረ ኪዳነምሕረት ደቀምሓረ፣ ብዙሓት ውሉደ ክህነት ናይ ዝተፈላለያ ማሕበራት፣ መራሕቲ ሃይማኖት ከተማ ደቀምሓረ፣ ደናግል፣ ካብ ከተማታትን ከባቢ ዓድታት ጽንዓደግለ፣ ሓደግትን እንጋነኣን ዝመጹ ብዙሕ ሕዝብን ኣመሓደርቲ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ፣ ኣብ ዝተረኸብሉ፣ ብብፁዓን ጳጳሳት ብፁዕ ሊቀ ጳጳሳት ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ዘመንበረ ኣሥመራን ኣቡነ ፍቕረማርያም ሓጎስ ጳጳስ ዘመንበረ ሰገነይትን ሥርዓት ቡራኬ ሓዲስ ሕንጻ ተፈጺሙላን ብዓቢይን ድሙቕን በዓል ተጻንቢላን። ብድሮ እቲ ጽንብል፣ ካብ ርሑቕን ቀረባን ዝመጹ ቤተክህነትን ሊቃውንቲ



ያሬዳውያን መዘምራንን ››ሓነጽዋ ወሳረርዋ ለቤተክርስትያን ከመ ትኩን ኣርዓያ ዘበሰማያት፡ ወከመ ትኩን ምሥትስራዬ ኃጢኣት፣ ዳዊትኒ ይቤ ዛቲ ይእቲ ምዕራፍየ ለዓለም።œœ እናበሉ ነቲ ዕለትን ነቲ ሓዲስ ሕንጻን ዝምልከት ቅኔታት እናፍሰሱ፣ ናይ ምስጋና ድሙቕ ዋዜማ ኣምስዩ፣ ለይቲውን ብማኅሌት ዘሌሊት ምስጋናኦም ቀጺሎም፣፣ ንግሆ ብፁዓን ጳጳሳት፣ ብቤተክህነትን ምእመናንን ተሰንዮም፣ እቲ ምእመናን ምስጢራት ኪቕበልሉ፣ ሥርዓተ ኣምልኾ ክፍጽምሉ፣ ብሓብር ክጽልይሉ፣ ሕንጻ መንፈስ ቅዱስ ኪኸውን ብኸቢድ ጻዕርን ትግሃትን ዝተሓንጸ ሓዲስ ቤተክርስቲያን፣ መንበረ ታቦትን ሓዲስ ሕንጻ ብኹሉ መዓዝኑን ብደገን ብውሽጥን እናባረኹን ብቕብኣ ቅዱስ እናቐብኡን ጸሎትን ሥርዓተ ቡራኬን ፈጺሞምሉ፣፣ ሲዒቡ ከኣ ብፁዓን ጳጳሳት ምስ 20 ለባስያን ካህናት ዝመርሕዎ፣ እቲ ሓዲስ ቤተክርስቲያን ብሰብ ከተማን ገጠርን ሰብ ውፉይ ሕይወትን ዓለማውያን ምእመናንን መሊኡ መስዋዕተ ቅዳሴ ብኅባሬ እንኪዓርግ፣ ድሕሪ ንባብ ቅዱስ ወንጌል ብፁዕ ኣቡነ ፍቕረማርያም ሓጎስ ጳጳስ ዘመንበረ ሰገነይቲ ክቡራት ምእመናን

እዚ ሱባኤ እዚ ንመማሃራን ዘሓድስ፣ንኩሉ ተመኩሮታቶም ዝለዋወጥሉን ንዘጋጠሞም ድኻማት ብሓባር ዝዝትይሉን ኢዩ። ንዓመት ምሉእ ብዓቢይ ሃረርታ ክጽበይዎ ዝጸንሑ ዕለት ሱባኤኦም እምበኣር ብ08 ጥቅምቲ 2017 ዓ.ም ኣብ መካነ -ሱባኤ ደናግል ቅድስቲ ኪያራ ክላሪሰ መንደፈራ ኣካይዶም።
እዞም ካብ 80 ኣባላት እቲ ማሕበር ኣብዚ ሱባኤ ዝተረኽቡ 40 ካብ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ተበጊሶም ብጸሎት መቁጸርያ መዝሙርን ተሰንዮም መንደፈራ ኣተዉ።

ኣብ መስዋዕቲ ቅዳሴ ቀዳሲ ካህን ኣባ ያዕቆብ ተወልደ ካህን ርእሰ ሰበኻ፣ ካብ ወንጌል ሉቃስ 10 ጠቒሶም መድሓኒና ጐይታና ኢየሱስ ንሓዋርያቱ ብስሙ ከጠምቁን፣ ሰባት ደቂ መዛሙርቱ ክርስቶስ ኪኾኑ ንሕሙማት ብስም ጐይታ ክፍወሱ፣ ኣጋንንቲ ከወጹኡ ምስ ረኣዩ ኣዝዮም ተሓጎሱ ኢየሱስ ግና ስምኩም ኣብ ሰማይ ስለ ዝተጻሕፈ ክትሕጐሱ ኣለኩም በሎም¡። እቶም ወንጌል ዝሰብኩ ሰባት ኣብ ወንጌል ክነብሩ ኣለዎም። ንሕና መተዓይይቲ ክርስቶስ ኢና፣ እቲ ግራት ገፊሕ ኢዩ፣ ብዙሓት መተዓይይቲ ካብ ኣምላኽ ክመጹና ክንልምኖ ኣለና። ነቲ ዋናና ዝኾነ ክርስቶስ ጽን ኢልና ድምጹ



ክንሰምዕ ኣሎና፣ ካብኡ ጐይታ ባዕሉ ከኽብረና ኢዩ።

ምእንቲ ስም ኣምላኽ ኢልና ንኩሉ ዝመጽና ፈተና፣ ጐይታ ኣሎ እናበልና ብትዕግስቲ ክንሕልፎ ኣሎና ኢሎም። ደሕሪ ቅዳሴ፣ መደብ ቁርሲ ከምኡœውን ካብ ትንቢት ሕዝቅኤል 36 ዝተወሰደ ልቢ ኣምላኽ ዝብል ኣስተምህሮ ብኣባ ያዕቆብ ተዋሂብዎም። ኣባ ያዕቆብ ኣብ ኣስተምህሮኦም ንሕና ከም ኣገልገልቲ ኣምላኽ፣ ልቢ ኣምላኽ ሒዝና ክንመላለስ ይግባእ። ኣምላኽ ከኣ ነቲ ኣረጊት ልቢ ኣልጊሱ ሓድሽ ልቢ ኣምላኽ ክህበና ኢዩ። ልቢ ኣምላኽ ምእንቲ ኩሉ ሕዝቢ ክድሕን ነቲ ሓደ ወዱ ናብ ዓለም ዝለኣኸ ኢዩ፣ ልቢ ኣምላኽ ዝህልወና ንጸላኢ ብፍቕሪ ምስ ኣሸነፍናዮ ኢዩ። ልቢ ኣምላኽ ዘለዎ ሰብ ናይ ነፍሳት ጽምኢ ኣለዎ፣ ቅንኣት ናይ መንፈስ ኣለዎ። ሓደ መምህር ናይ ትምህርተ ክርስቶስ ከኣ ኩሉ ግዜ ልቢ ኣምላኽ ሒዙ ክኸይድ ኣለዎ።

ሓደ መምህር ትምህርቲ ክርስቶስ ኩሉ ግዜ ቃል ኣምላኽ ክንብብ ኣለዎ። ልቢ ኣምላኽ ዘለዎም ሰባት ኩሉ ግዜ ክፉታት ኢዮም። ንኩሉ ከኣ ድሉዋት ኢዮም። ዕጹው ልቡ ዘይርዳእ ሰብ ግና የጥፍኣካœዩ። መምህር ኩሉ ግዜ መንገዲ ድሕነት ክምህር ኣለዎ፣ ልቢ ኣምላኽ ሒዙ መንገዲ ድሕነት፣ ሕይወት፣ ሓቂ ዝኾነ ትምህርቲ ክምህር ኣለዎ። ኣብ መወዳእታ ብናይ ቅ. ቨናበንቱራ ኩሉ ፍልጠት ሒዝካ ክርስቶስ እንተ ዘይብልካ ከሲርካ፣ ክርስቶስ ሒዝካ ፍልጠት እንተዘይብልካ ግና ከቢርካ ኣይከሰርካን¡። ዚብል ጥቕሲ ኣስተምህሮኦም ዛዚሞም።

ብድሕሪœዚ መደብ ኣስተንትኖ፣ ምሳሕ፣ ጸሎት መቁጸርያ ተኻይዱ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ነቲ ማሕበር ዘካይዱ ኮሚቴ መሪጾም ብመዛሙርን ብጸሎትን ተሰንዮም ነስመራ ተመሊሶም።

## ዓመታዊ ክብረ በዓል ቅዱስ ዳኒኤል ኮምቦኒ ምስ ዝኽሪ 150 ዓመት ምሥረታ ማኅበር

በብእዋኑ ዝነበሩ ቅዱሳን በቲ ኣብ ሕይወቶም ዝነበርዎ ቅዱስ ሕይወትን ዕዉት ሓዋርያዊ ኣገልግሎትን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ሞሳ ዝረከቡ፡ ቤተክርስቲያን ከኣ ነቶም ኣብ ምድሪ ንጋደል ዘሎና ኣርኣያን ኣብነትን ኪኾኑና ዝሃበትና ናይ ክርስቲያናዊ ሕይወትና ኮዋኽብቲ ኢዮም።

ኣብዚ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት ካብዞም ብዙሓት ዓበይቲ ቅዱሳን ብቀረባ ናይ እንፈልጦም ቅዱሳን ክብረ በዓል ቅዱስ ቪንቸንስዮስ ቅዱስ ፍራንቸስኮስን ኣብ ኣሥመራ ኣብዒልና። ሰሉስ 10 ጥቅምቲ 2017 ከኣ ዓመታዊ ክብረ በዓል ቅዱስ ዳኒኤል ኮምቦኒ፡ ኣብ ውሽጢ ገዳም ዳኒኤል ኮምቦኒ ኣብ ዝርከብ ቤት ጸሎት ካህናትን ደናግልን፡ ብናይ ጸሎት ሳልስትን ንቅዱስ ዳኒኤል ኮምቦንን ሓዋርያዊ ስርሖምን ዝምልከት ኣስተምህሮታትን ኣስተንትኖን ብናይ ድሮ ብዙሓት ቤተክህነትን ተመሃሮ ዘርኣክህነትን ዘርኣምንኩስናታትን ሊቃውንቲ ያሬዳውያን መዘምራንን ዝተሳተፍዎ ድሙቕ ዋዜማን ተሰንዩ፡ ብዓሰርተ ለባስያም ካህናት ዝተመርሐ ብዙሓት ውሉደ ክህነትን ምእመናን ዝተሳተፍዎ መሥዋዕተ ቅዳሴን ከቢሩ ዊዒሉ።

ኣብቲ ክብረ በዓል፡ ነቲ መስዋዕተ ቅዳሴ ዝመርሐ ሓለቓ ማሕበር ኮምቦኒ ኣባ ሃብቱ ተኽላይ ኣብ ዘስምዕዎ ስብከት ንኣጀማምራ ምሥረታ ማኅበር ኮምቦኒን ሎሚ ዝገበሮ ጉዕዞን ድሕሮ ዘርዚሮም፣ ኮምቦኒ ዝመስረቶ ማሕበር ንኩሉ ብድሆታት ተጻዊሩ ዝሰገሮ ምኽንያት እቲ ስራሕ ኮምቦኒ ከምዝበሎ ስራሕ እግዚኣብሔር ስለዝኾነ ጥራይ እዩ። ኮምቦኒ ነዚ ብድሆታት መስቀል ኢሉ ይጽውዖ። ንመስራቲና ቅዱስ ዳኒኤል ኮምቦኒ ነዚ ቅዱስ ዕላማ ዝጀመረን ነቶም በዚ መንፈስ ተደሪኾም ዝሰዓብዎን ብተወፋይነት ዝቀጸልዎን ብዝገበርዎ ዘደንቅ ስራሕ ከም ኣብነት ብምውሳድ ንሕና ሰዓብቶም ዝገደፉልና ዝኽሪ ዝገደፉልና ሕድሪ ዘመሓላለፉልና መንፈስ ተቀቢልና ተታሒዝናዮ ዘሎና መንፈሳዊ ጉዕዞ ክነሕድስን ክንሕደስን ተሓዲስና ከኣ ብትብዓት ንቕድሚት ንኽንስጉም ሓይሉን ጸጋኡን ይሃበና። ቢሎም ስብከቶም ዛዚሞም።

## ዜና ዕረፍቲ እናቴ- ለተጊዮርጊስ እንግዳ

ኣባል ደናግል ኮምቦኒ እናቴ ለተጊዮርጊስ (እ.ማሪያ ኣንጀላ) እንግዳ ሰሉስ 31 ጥቅምቲ 2017 ዓ.ም ኣብ መካነ ሕውነት ደናግል ኮምቦኒ ኣሥመራ ኣብ መበል 76 ዕድመኤንን ኣብ መበል 49 ዓመት ውፉይ ሕይወተንን ዓሪፈን። በዓል ኩሎም ቅዱሳን ኣብ ዝተከረሉ ዕለት ሮቡዕ 1ሕዳር 2017 ከኣ ብብዙሓት ውሉደ ክህነትን ደናግልን ምእመናንን ቤተሰብን ተሰንየን ኣብ መካነ መቓብር ጸጸራት ሓመድ ኣዳም ለቢሰን። ኣብቲ ስነስርዓት ቀብሪ ዝተፈጸመሉ ሓለቓ ኮምቦኒ ክቡር ኣባ ሃብቱ ብዛዕባ ውፉይ ሕይወተን እንኪሰብኩ፡ እናቴ ደሃብ ኪዳነ ታሪኽ ሕይወተን ኣንቢበን።

ክብርቲ እ. ለተጊዮርጊስ እንግዳ ብዕለት 29 ሚያዝያ, 1941 ዓ.ም.ፈ ካብ ኣቶ እንግዳ ካሕሱን ወይዘሮ ሄዋን ወልደሚካኤልን ኣብ ዓደን ደቂ ዘርኡ ዓንሰባ ተወልዳ። እናቴ ብወለደን ዓሚቕ ክርስትያናዊ ኩስኮሳ ድሕሪ ምርካብ፣ ብ1959 ዓ.ም.ፈ ኣብ ማሕበር ደናግል ኮምቦኒ ኣተዋ። ናይ ሓደ ዓመት ኩስኮሳ ሰኣልያን፣ ከምኡ`ዉን ናይ



## ሓድነታዊ ምብጻሕ ጉጅለ ኣባላት ማኅበር ጉባኤ ጳጳሳት ምሥራቅ ኣፍሪቃ

ማኅበር ኣባላት ጉባኤ ጳጳሳት ምሥራቕ ኣፍሪቃ (AMECEA: Association of Members of Episcopal Conference of East Africa) ን9 ሃገራት ማለት ኤርትራ፣ ኢትዮጵያ፣ ኬንያ፣ ኡጋንዳ፣ ማላዊ፣ ታንዛንያ፣ ዛምቢያ፣ ሱዳን፣ ደቡብ ሱዳን ዝጥርንፍ፣ ካብ 100 ዝበዝሓ ሰበኻታት፣ 120 ጳጳሳት፣ ልዕሊ 50 ሚሊዮን ካቶሊካውያን ምእመናን ዝሓዘ፣ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ኣብ ናይሮቢ ኬንያ ዘለዎ ማሕበር ከም ዘሎ ዝፍለጥ ኢዩ።

ብምኽንያት እቲ ንዚመጽእ ዓመት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዚካየድ መበል 19 ጠቕላሊ ጉባኤ፣ ኣመሰያ ሽዱሽተ ዝኣባላቱ ሓድነታዊ ጉጅለ ኤርትራ በጺሑ። እዚ ብናይ ማላዊ፣ ሊቀጳጳስ ብፁዕ ኣቡነ ቶማስ ሉከ ምሱሳ ዝምራሕ፣ ንካርዲና ብፁዕ ኣቡነ ጆን ጁዌ ሊቀጳጳስ ናይሮቢ- ኬንያ፣ ብፁዕ ኣቡነ ሚካኤል ዲዲ ናይ ካርቱም ሱዳን ሊቀጳጳስ፣ ብፁዕ ኣቡነ ዮሴፍ ኣንቶኒ ዚዚዋን ብፁዕ ኣቡነ ጆን ባፕቲስት ኦዳማን ካብ ኡጋንዳ ክቡር ኣባ ፈርዲናልድ ሉጐንዞ ናይ ኣመሰያ ዋና ጸሓፊ ዝሓቆፈ፣ ሓድነታዊ ጉጅለ ሰኑይ ንግሆ ኣብ ዓለምለኻዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣሥመራ ምስ በጽሑ፣ ብፁዓን ካቶሊካውያን ጳጳሳት ኤርትራ፣ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፉማርያም ዘመንበረ ኣሥመራ፣ ብፁዕ ኣቡነ ቶማስ ዑስማን ጳጳስ ሰበኻ ባረንቱ፣ ብፁዕ ኣቡነ ፍቕረማርያም ሓጐስ ጳጳስ ዘመንበረ ሰገነይቲ ብኽብሪ ተቐቢሎሞዎም።

ቀጺሎም ኣብ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነምሕረት ምስ በጽሑ ከኣ ቆሞሳት፣ ኣሕሉቕ ገዳማት፣ ምእመናንን ሰብውፉይ ሕይወትን ኣብ ቀጽሪ ቤተክርስቲያን ብያሬዳዊ መዛሙርን ዕልልታን ጣቕዒትን ብሕውነታዊ ፍቕሪ ተቐቢሎሞዎም። ኣጋይሽ መስቀል ተሳሊሞም ተዓጂቦም፣ ንቤተክርስቲያን ምስኣተዉ፣ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥተኣብ ናይ እንቋዕ ድሓን መጻእኩም ቃል እንከስምዑ፣ እዚ ሕውነታዊ ምብጻሕ ከምቲ ናይ እግዚእትነ ማርያም ንቅድስቲ ኤልሳቤጥ እዚ ከመይ ኢሉ ኮነለይ¡ ዝበለቶ ዝመሳሰል፣ ብሓጐስን ምስጋናን ዝመልኣና ምብጻሕœዩ። ወላኳ ናይ ባህልን ቋንቋን ሰርዓትን ፍልልይ እንተሎና ደቂ ሓንቲ ቤተክርስቲያን ስለዝኾና፣ እዚ ከምዚ ዝበለ ምብጻሕ ዓቢይ ትርጉም ዘለዎ ታሪኻዊ ፍጻሜ ኢዩ።

ኣብዘን ኣብዚ ትጸንሑለን መዓልታት ከኣ ንሃገርና ክነርእየኩም፣ ምስ ባህላዊ ትሕዝቶና ክነላልየኩም ኢና። ኣብ ኩሉ እትገብርዎ ጉዕዞ ከኣ ኣደና ኪዳነምሕረት ተሰንኽ‌ኩም። ካሪቡኒ¡ ዌልካም¡ እንቋዕ ደሓን መጻኩም¡ ቢሎም ብስም ሰበኻታትናን ቤተክህነትን ምእመናንን ኣመስጊኖሞዎም። ብወገኖም ከኣ ምክትል ኣቦ መንበር ኣባላት ጉባኤ ጳጳሳት ምሥራቕ ኣፍሪቃ ብፁዕ ኣቡነ ቶማስ ሉከ ምሱሳ፣ ዕላማ ምብጻሖም፣ ኣካል ምስንዳው ናይቲ ኣብ ዚመጽእ ዓመት ዚካየድ ስሩዕ ጉባኤ ምዃኑ ጠቒሶም። ከም ሓንቲ ስድራ ናይ ኣመሰያ ናይ ሓባር ራእይ፣ ናይ ሓባር ዕድላትን ብድሆታትን ስለዘሎና ኣብዚ ዝግበር ሓዋርያዊ ስራሕ ክንርኢ፣ ክንበጽሓኩም፣ ሕውነታዊ ፍቕርና ክንገልጽ ኢና መጺእና ዘሎና ኢሎም። ንኣባላቶም ኣላልዮም፣ ብዝተገብረሎም ምቕሉል ኣቀባብላœውን ኣመስጊኖም። ብድሕሪœዚ ኣብ ኣዳራሽ ብፁዕ ገብረሚካኤል ብሃገራዊ ቤት ምኽሪ ምእመናን ዝተሰናደወ ናይ ቁርሲ መደብ ተኻፊሎም ናብ መዕረፊ ቦታኦም ከይዶም። ድሕሪ ቀትሪ ከኣ በታ ነቲ ተቐባል ተስተናግድ ዘላ ኮሚቴ ዝተሰርዐ መደብ መሠረት ኣብ ኣኼባታት ተጻሚዶም ዊዒሎም። ዕለታዊ መስዋዕተ ቅዳሴኦም ኣብ ቤት ጸሎት ሊቀጳጳስ፣ ከምኡœውን ድራር ኣብ ቤተ ሊቀጳጳስ ነበረ።

እዞም ልኡኻት ረኪበ ጳጳሳት ምሥራቕ ኣፍሪቃ ሰሉስ ናይ ንግሆ ናብ ሰበኻ ሰገነይቲ ኢዮም ኣምሪሖም። ምእመናን ቤተክህነትን ሰገነይቲ ኣብ ከባቢ ቤተክርስቲያን ርእሰ ኣድባራት ቅዱስ ሚካኤል ሊቀ መላእኽቲ ብምጽናሕ ብኽብሪ ተቐቢሎሞዎም። ብፁዕ ኣቡነ ፍቕረማርያም መስቀል ድሕሪ ኣሳሊሞዎም ከኣ ናብ ቤተክርስቲያን ዓጂቦም ኣእትዮምዎም። ቀጺሎም ብፁዕ ኣቡነ ፍቕረማርያም ብስም ሰበኻ በቲ ምብጻሕ ጳጳሳት ሓጐሶም ገሊጾም፣ እንቋዕ ድሓን መጻእኩም ኢሎሞዎም። እናቴ ሕይወት ተስፉጊዮርጊስ ምኽትል ዋና ጸሓፊት ቤት ጽሕፈት ሰበኻ ብዛዕባ ትርጉምን ዕላማ ስርሓትን ኣመሰያ ማለት ማሕበር ኣባላት ጉባኤ ጳጳሳት ምስራቕ ኣፍሪቃ ብሰፊሑ ገሊጸን። ካርዲናል ጁዌ ከኣ ብዝተገብረሎም ኣቀባብላ ኣመስጊኖም።ካብ ዘፍጥረት ጠቒሶም ሰባት ካብ ርሑቕ ኢና መጺእና፣ ኣብ ርሑቕ ኣሎና፣ ናብ ርሑቕ ከኣ ክንኸይድ ኢና፣ ንዝብል ኣበሃህላ ብሰፊሑ ገሊጾም። ብድሕሪœዚ ኣብ መንበረ ጵጵስና ዝተዳለወሎም ምሳሕ ተሳቲፎም፣ ጉዕዝኦም ናብ ሔቦ ኣምሪሖም። ኣብ ሔቦœውን ሕዝቢ ብካህናቱ ተመሪሑ ብዓጀባ ተቐቢሎዎም። ኣብቲ ቤተክርስቲያን ኣብ ቅርያት ቅዱስ ያዕቆብ ዘለዎ ቦታ ጸሎቶም ድሕሪ ኣብጺሖም ብሓለቓ ማሕበር ልኡካን ኣባ ግርማጽዮን ነጋሲ ቃል እንቋዕ ድሓን መጻእኩም ሰሚዖዎም። ንገዳም ሔቦ ብምርኣይ ከኣ ነሥመራ ንቕሎ ኾይኑ፣ ኣብ መልሶም ኣብ ደቀምሓረœውን ተመሳሳሊ ኣቀባብላ ተገይሩሎም፣ በቲ ኩሉ ኣመስጊኖም ቡራኬ ሂቦም ተፋንዮም።

ሮቡዕ 1 ሕዳር ንግሆ ወሉደ ክህነትን ምእመናንን ቁምስናታት ኣሥመራ ዝተሳተፍዎ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፉማርያም ምስ ኣሕሉቕ ገዳማት ዝመርሕዎ መስዋዕተ ቅዳሴ እንኪዓርግ፣ ኣጋይሽœውን ከምሥርዓት ግዕዝ ለቢሶም ሓቢሮም ቀዲሶም። ኣብ መእተዊ ቅዳሴ ከምኡœውን ኣብ ሰብከት ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥተኣብ ሎሚ እነዕርጐ ዘሎና ፍሉይ መሰዋዕተ ቅዳሴ፣ ነዞም ካብ ሃገራት ኬንያ፣ ኡጋንዳ፣ ሱዳን፣ ማላዊ ክበጽሑና ዝመጹ ኣጋይሽ ንምቅባል ኢዩ፣፣ ዕላማ ምብጽሖም ከኣ ንሕናœውን ኣባል ናይ ረኺበ ጉባኤ ጳጳሳት ምስራቕ ኣፍሪቃ ስለ ዝኾንና ንክተባብዑና ኢዩ። ኣብ ኩለን ሰበኻታትና ይበጽሑ ኣሎዉ፣ ብጸሎትና ነሰንዮም ኢሎም።

ቀጺሎም ናብቲ ሻቡ ዝተነበ ብዛዕባ ቅዱስ ጴጥሮስ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ከምዝመስከረ፣ ኢየሱስ ከኣ ንቅዱስ ጴጥሮስ ንስኻ ጴጥሮስ ኢኻ፣ ኣብ ልዕሊ እዚ ከወሒ እዚ ድማ ንቤተክርስቲያነይ ክሓንጽ ኢየ¡ ከምዝበሎ ዝዛረብ ክፍሊ ጠቒሶም፣ ኣብ እምነትና ደልዲልና ክንኸይድ ምዒዶም። ቤተክርስቲያን ሕብሪ፣ ሃገር፣ ቋንቋ፣ ባህሊ ኣይፈልያን ኢዩ። ወላœኳ ኣባላታ ኣብ ዝተፈላለየ ሃገር ዝነብሩ፣ ዝተፈላለየ ባህልን ቋንቋን ስርዓትን ዘለዎም እንተኾኑ ንኩሉ እትሓቁፍ ቤተእግዚኣብሔር እያ። እዚ ሓድነታዊ ምብጻሕ ናይዞም ኣጋይሽ ከኣ ነዚœዩ ዝምስክር ኢሎም ነጋይሽ ዕድል ሃቡ።

ንልኡኻት ኣመሰያ ወኪሎም ካርዲናል ንጁዌ ሊቀጳጳስ ናይሮቢ- ኬንያ ንኣባላት እቲ ልኡኽ በብሓደ ንምእመናን

ድሕሪ ኣሳልዮም፣ እቲ ዕለት ንኩሎም ቅዱሳን እንዝክረሉ ዕለት ምዃኑœውን ዘኪሮም፣ በቲ ኣብዚን ዝሓለፉ መዓልታት ዝረኣናዮ ዝተፈላለየ ናይ ምእመናን ጉዕዞን እምነትን፣ እቲ ቤተክርስቲያን እትህቦ ዝተፈላለየ ኣገልግሎትን ስራሓትœውን ኣሐጉስናን ኣተባቢዑናን። ኩሉ ሓዋርያዊ ስራሕኩም ኣብነትን ዓቢይ ምስክርነትን ኢዩ። ኣብዚ ዕለትœዚ ሓቢርና ምህላውና ኩልና ደቂ እግዚኣብሔር ናይ ምዃንና ንባዕሉ ርጉጽ ምስክርነት ኢዩ። ቀደም ኣብ ትምህርተ ክርስቶስ ከምዝተመሃርናዮ መን ፈጠረና¡ እግዚኣብሔር ንምንታይ ፈጠረና? ክንፈልጦ፣ ክንፈትዎ፣ ንሱ ዝኣዘዘና ክንፍጽም፣ በዚ ምኽንያት ከኣ መንግሥተ ሰማይ ክንኣቱ፣¡ ስለዝኮነ፣ ንሕና ንእግዚኣብሔር እንተፈለጥናዮን እንተኣፍቀርናዮን ንሱ ኩሉ ግዜ ኣብ ኩሉ ጸገምናን ዓወትናን ምሳና ኣሎ። ንሕና ከኣ ነዚ ተስፋœዚ ከነበራብር፣ ብእምነትኩም ክትድልድሉ፣ ብመንፈሳውነትኩም ክትብርትዑ፣ ብኩሉ ሰራሓትኩም ወንጌል ክትሰብኩ ከነተባብዓኩም ኢና መጽእና። ንሕና ብሓድነትን ስምረትን ሱታፌን ምሳኹም ኣሎና። ኣብ ጸሎት ወትሩ ንዘኻኽር ኢሎም።

ካብዚ ቀጺሎም ኣጋይሽ ብኣኣንጋዲት ኮሚቴ ተመሪሖም፣ ናብ ኣሥመራ ካቶሊካዊ ተቕዋም ፍልስፍናን ተሎግያን እንኪበጽሑ፣ መማህራን ተመሃሮን ብያሬዳዊ ዜማ ተቀቢሎሞዎም። ናይቲ ተቕዋም ታሪኽ፣ ዕላማን ንጥፈታቱን ›ውን ብኣካያዲ እቲ ተቕዋም ኣባ ኣብርሃ በዂሩ መግለጺ ተዋሂብዎም። ሲዒቡ ንኣጋይሽ ዕድል ምስ ተዋህበ ካርዲናል ንጁዌን ናይ ካርቱም ሊቀጳጳስ ብፁዕ ኣቡነ ሚካኤልን፣ ናይ ማላዊ ሊቀጳጳስን ኣቦ መንበር ኣመስያን ብፁዕ ኣቡነ ቶማስን፣ ናይ ዘርኣክህነት ኩስኮሳን ናይ ክህነታዊ ጸዋዕታኦምን ኣብነት ብምቕራብ፣ ተመኩሮኦም ንተመሃሮን መማህራንን ኣካፊሎም። ኣብ ምኽሮም ከኣ ተመሃሮ ኣብ ዘለውሉ እዋን ጸዋዕታኦም ብዝግባእ ዘለልይሉን ትርጉም ሕጉስ ሕይወት ዝረኽብሉን ጐይታ ፍቓድካ ኣባይ እንታይ ኢዩ¡ ቢሎም ዝሓትሉን እዋን ምዃኑ፣ ኣምላኽ ብዕላማ ስለ ዝፈጠረና ንዕላማ እምበር ንስርዓት (formality) ክመሃሩ ከም ዘይብሎም እንኪመኽሩ፣ ንኮስኮስቲ ከኣ ተማሃሮ መደብ ኣምላኽ ከለልዩ ዝሕግዞም ምስናይ ክገብሩሎም



ኣብ መወዳእታ ኣብ ዝሃብዎ ምኽሪ ከኣ ብግዜ ሓጐስን ብግዜ ጸበባን ኣብ እምነትኩም ጽንዑ፣ ጸገማትኩም ናብ ኣምላኽ ብጸሎት ድኣ ኣቕርብዎ እምበር ባዕልኹም ቀሊል ፍታሕ፣ ሓጺር መንገዲ ኣይትድለዩ። ብምስጢረ ጥምቀት ደቂ እግዚኣብሔር ኢኹም፣ ብሜሮን ኃይሊ ተቐቢልኩም ኢኹም፣ ብንስሓን ቅዱስ ቊርባን ከኣ ብቀጻሊ ናብ ኣምላኽ ቅረቡ። ንቅድሚት እምበር ንድሕሪት ኣይትበሉ። እዚ መዓልቲ እዚ ከኣ ከም መንም ስርዓት ምፍጻም ዘይኮነስ፣ ንቤተክርስትያን ንምሕናጽ መዓልቲ ምሕዳስን ምቅዳስን ይኹነልና። ድንግል ማርያም ኣደና ምሳኹም ትኹን ቢሎም ስብከቶም ዛዘሙ።

ድሕሪ ቅዳሴ ኣብቲ ብርእሰ ኤጳርቅናዊ ቤት ምኽሪ ምእመናን ዝተሰናደወ መደብ ቊርሲœውን ካርዲናል ንጁዌ ዝተፈላልለየ ተመኩሮን ኣብነትን እናኣምጽኡ ናይ ምትብባዕ ቃሎም ሂቦም። ብወገን ቤት ምኽሪ ምእመናን ከኣ ታሪኽ፣ ኣመሰራርታን ዕማማትን ቤት ምኽሪ ምእመናን ኣበርክቶኡን ብዝምልከት ብኣቶ ግደዎን መግለጺ ተዋሂብዎም። ንመዘከርታ ዝኸውን ህያባትœውን ተበርኪቱሎም።

ተላብዮም። ካብ መማህራንœውን ክቡር ኣባ ሰሎሞን መሓረና ሓጐሶም ብምግላጽ ናይ ምስጋና ቃል ኣስሚዖም። ብጸሎት ብፁዕ ኣቡነ ጆን ባፕቲስት ኦዳማ ተዛዚሙ።

ብድሕሪœዚ ንቤተክርስቲያን ቅድስቲ ማርያም ዘቅ.ሮዛርዮም (ካቴድራል) ከምኡœውን ካቶሊካዊ ቤት ጽሕፈት ርእስ ኤጳርቅና ኣሥመራ፣ ቤት ማሕተም ፍራንቸስካና፣ ዓቢይ ዘርኣ ክህነት፣ ሃገራዊ ቤት ጽሕፈት ካቶሊካዊ ቤተክርስትያን ብምኻድ ርእዮምን ምስ ሓለፍትን ሰራሕተይናታትን ተዋሲኦምን። በዚ ከኣ ናይቲ ዕለት ጽዑቕ መደባቶም ፈጺሞም።



4ይ መዓልቲ ጉዕዞና ናብቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተጠምቀሉ ሩባ ዮርዳኖስ በጺሕና። ኣብኡ ከኣ ጻዕዳ ልብሲ ብምግዛእ ኣብቲ ማይ ጠሊቕናን ተሓጺብናን፣ ብድሕሪኡ ናብ ምውት ባሕሪ (ካብ መጠን ንላዕሊ ጨው ዘለዎ) በጺሕና ኣብኡ ሓንቢስና።

5ይ መዓልቲ ጉዕዞ ናብ ቢታንያ ቅዱስ ጴጥሮስ ተኣምራት ዝገበረሉን ነቢይ ዮናስ ኣብ ከብዲ ዓሳ ሰለስት መዓልቲ ሰለስተ ለይትን ዝጸንሐሉ፣ ቦታ ብምብጻሕ ኣብ ቤተክርስቲያን ቅዱስ ጴጥሮስ- ያፋ መስዋዕተ ቅዳሴ ኣዕሪግና። ቀጺልና ካብ ፍርቂ መዓልቲ ዓርብን ቀዳምን ብምልኡ (ዮም ኪቡር) ሰለዝነበረ ዝኾነ ምንቅስቓስ ናይ መካይን ኣይነበረን።

6ይ መዓልቲ ምስ ኤርትራውያን ምእመናን ኣብ እስራኤል ዘሎዉ ሓያል መንፈሳዊ ጽምኣት ስለ ዘሎዎም፣ ባዕሎም ዓዲሞምና። ኑዛዜ፣ ቅዳሴ ኣስተምህሮ ገይርና ምስኦም ከኣ ዊዒልና፣ ጓሳ ካህን ንምርካብ ከኣ ብቐጻሊ ዘመልክቱልና ነጥቢ እዩ።

7ይን 8ይን መዓልታት ሰንበትን ሰኑይን ዓዲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናብ ናዝሬት፣ ቅፍርናሆም፣ ባሕሪ ገሊላን ከባቢኡን በጺሕና። ካብቶም 12 ሓዋርያት 10 ካብዚ ከባቢ እዮም። ኣብ ከባቢ ባሕሪ ገሊላ ውሩያት ከተማታት ቅፍርናሆም፣ መቕደላ፣ ጢበርያስ ይርከባ። ኣብዚ ቦታ ኢየሱስ ንቅዱስ ጴጥሮስ ንስኻ ከውሒ ኢኻ እሞ ኣፍደገታት ሲኦል ንቤተክርስቲያን ኣይክሕይልዋን እዮም ዝበለሉ¡ (the gate PA) ዓቢይ በዓቲ በጺሕና። ጉዕዞ ንግደትና ምሸት ሰኑይ ዛዚምና። ብ3 ጥቕምቲ ንዓድና ብሰላም ተመሊስና።

## ክብረ በዓል ቅዱስ ፍራንቸስኮስ

ወትሩ 4 ጥቅምቲ ዓመታዊ ክብረ በዓል እቲ ኣብ ምሉእ ዓለም ፍሉጥን ስሙይን ቅዱስ ፍራንቸስኮስ ዝበዓለሉ ዕለት ኢዩ። በዚ ምኽንያት ከኣ ሎም ዘመœንውን ዓመታዊ ክብረ በዓል ቅዱስ ፍራንቸስኮስ ኣብ ደብረ መድኃኔ ዓለም ገጀረት ኣሥመራ : ሰንበት 04 ጥቅምቲ 2017 ዓ.ም ሓያሎ ኣባላት ንኡሳን ኣኅዋት ኣኃው ካፑቺኒ፡ ኣባላት ካልኦት ማኅበራት ቅዱስ ፍራንቸስኮስ ካብ ኣሥመራን ካልእ ቦታትትን ውሉደ ክህነትን ምእመናን ቁምስናንን ነጋድያን ካብ ቁምስናታትን ኣብ ዝተረኽብሉ ብድሙቕ መንፈስ ሓድነትን ሕያውነትን ብዓቢይ ሥነስርዓትን ብዝሃንጽ ኣገባብን ብዓቢይ መብጽዓ በዚ ዕለት ንኣገልግሎት ኣምላኽን ሕዝቡን ዝተወፈየ ኃው ሳሙኤል ሙሴ ተሰንዩ ከቢሩ ዊዒሉ።

ብቕንያቱ ጸሎት ሳብዕቲ ድሕሪ ቀንዩ፡ ብድሮ በዓሉ ከኣ ሊቃውንቲ ያሬዳውያን መዘምራን ብመንፈሳዊ ታሕጓስ ንቅዱስ ፍራንቸስኮስ ኪውድሱ ኣምስዮም። ከምኡ ድማ ኣብ ዕለቱ ብማኅሌት ዘሌሊት ዝጀመረ መደብ በዓል ብሓለቓ ማኅበር ንኡሳን ኣኃው ካፑቺኒ ክቡር ኣባ ኣማኑኤል ምስጉን ምስ 14 ለባሰያን ዝምራሕ መስዋዕተ ቅዳሴ ብጉባሬ ዓሪጉ።

መስዋዕተ ቅዳሴን ዑደትን ብዝሃንጽ ኣገባብ ምስ ተፈጸመ ከኣ ገጣሚ ኣቶ ወልዱ ኣድሓኖም ዘሰናደውዎ ንታሪኽ ቅዱስ ፍራንቸስኮስ ዝገልጽ ሃናጺ ግጥሚ ተራኡ ሓልዩ ተሰሚዑ። ቀጺሎም ሓለቓ ማኅበር ንኡሳን ኣኃው ካፑቺኒ ክቡር ኣባ ኣማኑኤል ምስጉን ኣብ ዘስምዕዎ ናይ ዕለቱ ቃል ኣምላኽ፡ በቲ ዕለት ንዝተወፈየ ኃው ሳሙኤል ሙሴ ከምቲ ቅዱስ ፍራንቸስኮስ ሓደስቲ ኣሕዋት ክመጽዎ ከለዉ ብሓጐስ ዝቕበሎም ዝነበረ፣ ንሕናœውን ናብዛ ፍራንቸስካዊት ስድራ ብመብጽዓ ንምሉእ ሕይወት ዝኣቱ ዘሎ ሓውና ብሓጐስን ብምስጋናን ንቕበሎ፣ ድሕሪ ቢሎም


ፍራንቸስካዊት ሕይወቱ በቲ ናይ ቅዱስ ፍራንቸስኮስ ቅዲ ሕይወት ብምኽርታት ወንጌል ንጽሕና፣ ተኣዝዞን ድኽነትን ተመሪሕካ ንናጽነትካን ንመውስቦን ሃብትን መኒንካ ብሕውነትን ብንኡስነትን ዝንበር ምኻኑ፤ ኣብነት እቲ ሃብቲ ኣብኡ ገዲፉ ድኽነት ዘፍቀረን ንማኅበሩ ኣብዚ መሠረት ዝተኸለን ካብዚ እንተ ወጺኣ መሰረታ ከም ዝፈርስ ዘጠንቀቐን ቅዱስ ፍራንቸስኮስ ብምጥቃስ ብሰፊሑ ገሊጸም። ምስዚ ኣተሓሒዞም ኣባ ኣማኑኤል እዚ ዓመትœዚ ናይ 2ይ መስራቲ ማሕበር ተባሂሉ ዝፍለጥ ቅዱስ በናቨንቱራ መበል 800 ዓመት ዝዝከረሉ ዓመት ብምዃኑ፣ ካብ ታሪኹ ገለ ክፋል ብምጥቃስ ንኣናœውን ሎሚ ክንነብሮ ዝግበኣና ወንጌላዊ ሕይወት ክንነብር፣ ገርህን ሕውነታውን ሕይወት ክህልወና፣ እኹል ፍልጠት ተሎግያ ከነዕቢ፣ ምስ ዘመናዊ ዓለም ዝዳረግ ፍልጠት ከነጥሪ፣ ጨውን ብርሃንን ኮይንና ብሕይወትና ክንምስክር፣ ዘየቋርጽ ጸሎት ኽንለምድ፣ ሕውነታዊ ሕይወት ብምንባር ንቃል ኣምላኽ ከምብሓዲስ ክንሰብኽ፣ ናይቶም ተስፋ ዝሰኣኑ፣ ተስፋ ኮይና ክንረክብ ይጽወዓናœሎ ኢሎም።

በዓል ቅድስቲ ማርያም ዘሮዛርዮም ካቴድራልœውን ብተመሳሳሊ መንገዲ ብዕለት 7 ጥቅምቲ ብድምቀት ተባዒሉ።

## ዜና ዕረፍቲ- እ. ኣብርሃጼን ኣብርሃ እማን

ኣባል ደናግል ኮምቦኒ እናቴ ኣብርሃጼን ኣብርሃ እማን፡ ሐሙስ 5 ጥቅምቲ 2017 ዓ.ም ኣብ መካነ ሕውነት ደናግል ኮምቦኒ ኣሥመራ ኣብ መበል 81 ዕድመኤንን ኣብ መበል 56 ዓመት ውፉይ ሕይወተንን ዓሪፈን። ዓርቢ 6 ጥቅምቲ 2017 ከኣ ብብዙሓት ውሉደ ክህነትን ደናግልን ምእመናንን ቤተሰብን ተሰንየን ኣብ መካነ መቓብር ጸጸራት ሓመድ ኣዳም ለቢሰን። ኣብቲ ስነስርዓት ቀብሪ ዝተፈጸመሉ ኮምቦናዊ ክቡር ኣባ ተስፋጊዮርጊስ ሃይለ ብዛዕባ ውፉይ ሕይወተን እንኪሰብኩ፡ እናቴ ምሕረት ጸጋይ ከኣ ሓጺር ታሪኽ ሕይወተን ኣንቢበን።

እ. ኣብርሃጼን ካብ ኣቶ ኣብርሃ እማንን ካብ ወ/ሮ ለተኢየሱስ ኪዳነን ብ16 ትቅምቲ 1936 ኣብ ዓደን ሓላይ ንኡስ ዞባ ሠገነይቲ ተወልዳ። ብ15 ጥቅምቲ 1955 ዓ. ም. ፈ. ብመሪሕነት መንፈሳውያን ቤተሰብ ተሓጊዘን ከም ጓል ተስፋ ኣብ ማሕበር ደናግል ኮምቦኒ ኣተዋ።



ድሕሪ ናይ 6 ዓመት መንፈሳውን ማሕበራውን ገዳማውን ሕይወት ተሞክሮ፣ ብምግባር፣ ብ1961 ብንኡስ መብጽዓ፣ ድሒረን ከኣ ብ1967 ዓ.ም .ፈ. ብ ዓቢይ መብጽዓ ንምሉእ ሕይወትን ንኣምላኽ ተወፈያ። ኣብዚ ናይ 56 ዓመት ናይ ኣገልግሎት ጊዜ፡ ማኅበር ኣብ ዘድለያን ኣምላኽ ኣብ ዘለኣኸንን፡ ብለጋስነትን ትሕትናን ኣገልገላ።

## ሱባኤ መማህራን ትምህርቲ ክርስቶስ መንደፈራ

ማእከል መሰልጠኒ መማህራን ትምህርቲ ክርስቶስ ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ፣ ኣብ ክልተ እብረ ዘመረቆም መማሃራን ኣብ ዝተፈላለየ ማሕበራትን ቁምስናታትን ተላኢኹም ግቡኦም ኣብ ምፍጻም ይርከቡ። ብመሰረት ብሓባር ተሰማሚዖም ዘጽደቅዎ መደብ ከኣ ኣብ ዓመት ሓደ ጊዜ ሱባኤ የካየዱ እዮም።

# ዜናን ንጥፈታትን ርእሰ ኤጳርቅና

## ዓቢይ መብጽዓ ኣብ ደናግል ሕያዋይ ሳምራዊ

ብ29 ነሓሰ 2017 ዓ.ም ክልተ ደናግል ኣባላት ማሕበር ሕያዋይ ሳምራዊ፣ እናቴ ጽጋይ እስጢፋኖስን እናቴ ትዕግስቲ ኪዳነን ኣብ ቤተክርስቲያን ርእሰ ኣድባራት ኪዳነምሕረት፣ ደቂ ማኅበር፣ ቤተሰብ ምእመናንን ኣብ ዝተረኽብሉ መስዋዕተ ቅዳሴ ብዓቢይ መብጽዓ ናብ ኣምላኽ ተወፍየን።



ን ብ ፁ ዕ

ሊቀጳጳሳት ወኪሎም ነቲ መስዋዕተ ቅዳሴ ዝመርሑ ሰራዒ ካህን ኣባ ተኽለሚካኤል ተወልደ (ማኅበረ ልኡካን) ኣብ ዘስምዕዎ ቃል ቅዱስ ወንጌል፣ ተመባጻዕቲ እንቋዕ ኣብ ዕለት ወፈያ ኣብጽሓክን፣ ማኅበር፣ ወለድን ቤተክርስቲያንን ከኣ እንቋዕ ሓጐሰና ኢሎም። ተመባጻዕቲ ኣሕዋትና ንሕይወት ብሓፈሻ ንዕላማን ሕይወትን ማኅበር ሕያዋይ ሳምራዊ ከኣ ብፍላይ ብምምርማር እንሆ ሎሚ፣ ነቲ ኣቕዲሙ ዘፍቀረን ጐይታ፣ ናይ ቃል ምላሽ ዘይኮነስ ሕይወተይ ንኣኻ ምሃብ ይሕሸኒ¡ ቢለን ናይ ሕይወት መልሲ ይህባ ኣለዋ። ከመይ መብጽዓ ውፉይ ሕይወት ከምቲ ቅ.ጳውሎስ ክርስቶስ ናቱ ስለዝገበረኒ ኣነ ከኣ ናተይ ክገብሮ እጽዕር ኣለኹ¡ ዝበሎ ነቲ ኣቐዲሙ ዘፍቐረና ክርስቶስ ዝወሃብ ግብረ መልሲ ኢዩ ኢሎም። ኣባ ተኽለሚካኤል ቀጺሎም ኣብነት ጸዋዕታ ቅ.ጳውሎስ ጠቒሶም፣ ብዛዕባ ጸዋዕታ ውፉይ ሕይወት ብሰፊሑ ብምግላጽ፣ ተመባጻዕቲ ውፉይ ሕይወተን ብኸመይ ክነብርኦ ከምዝግባእ ሃናጺ ምኽሪ ለጊሶምለን።

## ንግደት ኢዮሩሳሌም

ከምቲ በብዓመቱ ብሃገር ደረጃ ንኢዮሩሳሌም ብሓባር ምንጋድ ተለሚዱ ዘሎ፣ ሎሚ ዘመንœውን ብክቡር ኣባ ከሰተ ገ/ዮሓንስ ህየንተ ሊቀጳጳሳት ናይ ሰበኻ ከረን ኣባ ክብርኣብ መሰቀልን ኣባ መድኃኔ ዝተመርሐ፣ ጉጅለ ቤተክህነትን ምእመናንን መንፈሳዊ ንግደት ናብ ቅድስቲ ሃገር፣ ካብ ዕለት 24 መስከረም ክሳዕ 2 ጥቅምቲ 2017 ን9 መዓልታት ኣካይዶም። እቲ ንግደት ከመይ ከም ዝነበረ ክገልጹልና ኣባ ከሰተ ትወኪስናዮም፣ዝሃቡና ጸብጻብ እንሆ ሲዒቡ ቀሪቡœሎ።

መንፈሳዊ ንግደት ኣብ ቅዱስ ቦታታት እስራኤል ንምፍጻም ብዕለት 24 መስከረም 2017 ኣባላት ካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን ኤርትራ 3 ካህናትን 37 ምእመናንን ናብ ቅድስቲ ሃገር ኣምሪሕና። ወጋሕታ ሰዓት 4 ናይ ንግሆ 24/09/2017 ብናይ ግብጺ ነፋሪት ተበጊስና፣ ሰዓት 11፣15 ናይ ንግሆ ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ እስራኤል በጺሕና። እቶም ኣብ እስራኤል ዝቕመጡ ሕዝብና ከኣ ብዕንባባን ዕልልታን ተቐቢሎምና። ብድሕሪኡ ናብቲ ዝተዳለወልና ኣብ ኢየሩሳሌም ዝርከብ መዕረፊ ኣጋይሽ (ሆቴል Ramada) ኣምሪሕና፣ 45 ደቓይቅ ከኣ ወሲዱልና። ሰኑይ 25/09/2017 ፈላሚ ጎዕዞ ናብ ደብረ ዘይቲ ገበርና። ደብረ ዘይቲ በሪኽ፣ ኣብኡ ኮይንካ ነታ ጥንታዊት ኢዮሩሳሌም ኣማዕዲኻ ጽቡቕ ጌርካ ትምልከታ። ኣብዚ ቦታ እዚ መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ገልገል ኣድጊ ተወጢሑ ዝኣተወላ ብምኽና፣ መዘኻኸሪ ኣድጊ ምስ ኮርሻኡ ኣብኡ ጸኒሑና። እዚ ቦታ እዚ ኮይኑ ኢየሱስ ንኢየሩሳሌም ዝበኸየላ ቦታ እዩ። ካብዚ ቀጺልና ከኣ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ናብቲ ደም ክሳዕ ዝርህጽ ዝጸለየሉ ጌተሰማኒ ኣብኡ ኮይኑ፣ ከኣ ነቶም ሓዋርያቱ ኣብ ፈተና ከይትኣትዉ ጸልዩ፣ እናበለ ሓደራ ዝበለሉ ዘዘኻኽር ናይ ብዙሕ ዓመታት ዕድመ ዘሎዎ ኣዋሊዕ ዝርከበሉ ቦታ እዩ፣፣ ኣብቲ ቤተክርስቲያን ከኣ መስዋዕተ ቅዳሴ ኣዕሪግና፣ ብድሕሪኡ ኣብቲ ውሽጢ ቤተክርስቲያን ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ተንበርኪኹ ዝጸለየላ እምኒ ተሳሊምና፣ ናብ እምባጽዮን ብምቕጻል፣ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ቅድሚ ሊቀ ካህናት ቀያፋ ኣብ ፍርዲ ዝቐመሉን ክሕደት ቅዱስ ጴጥሮስ ዘዘኻኽር ብነሓስ ዝተሰርሔ ምስሊ ድሕሪ ምዕዛብ፣ ምስ ሓዋርይቱ ቅዱስ ድራር ዝበልዓላ ቍርባን ዝሰርዓላ ቦታ በጺሕና። ከምኡ እውን እኖና እግዚእትነ ማርያም ንሰማይ ዝፈለሰትሉ ቦታ በጺሕና ተሳሊምና።

2ይ መዓልቲ ጉዕዞና ንጎልጎልታ፣ በቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነቲ መጻጉዕ ኣብ ቤተሳይዳ ዘሕወየሉ ቦታ ብምጅማር፣ መስቀል ተሰኪሙ ንጎልጎልታ ዝተጓዕዘሉ፣ ዝተሰቕለሉ፣ ዝሞተሉን፣ ዝተንስኣሉን፣ ቦታ ርኢና። ኣብኡ ከኣ መስዋዕተ ቅዳሴ ኣዕሪግና። ቀጺልና ከኣ ኣብ ገዛ ናይ ኢያቄምን ሃናን (ስድራ እግዚእትነ ማርያም) በጺሕና። ኣብዚ ቦታ እዚ ቤተክርስቲያን ቅድስቲ ሃና ተሓንጾ ይርከብ። ከምኡœውን ዮሓንስ መጥመቕ ዝተወለደሉን ቅድስቲ ማርያምን ቅድስቲ ኤልሳቤጥን ዝተራኸባሉ ቦታ ወትቤ



ማርያም ነያ ዓመቱ ለእግዚኣብሔር ዝብል ጽሑፍ እውን ይርከብ።

3ይ መዓልቲ ጉዕዞ ናብ ኢያሪኮ፣ ካብ ኢየሩሳሌም ንምብራኽ ገጽና ብምምራሕ ኣብ ከተማ ኢያሪኮ በጺሕና። ከተማ ኢያሪኮ ካብ ዓለም እታ ዝጠንተወት ከተማ እያ ትብሃል። ኣብዚ ቦታ እዚ ብተኣምራት ነቲ ጨዋም ዘይስተ ዝነበረ ማይ ከም ዝስተ ዝገበረሉ፣ ኢዩ። ብድሕሪኡ 10 ኪሎ ሜትር ብቴሌፈራካ ተጓዕዝና ብምድያብ መድሓኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብሰይጣን ዝተፈተነሉ ቦታ ተዓዚብና። ኣብኡœውን እቲ ናይ ቀደም ገዳም መነኮሳን ግሪኽ በጺሕና። ካብኡ ናብ ከተማ ኢያሪኮ ብምምላስ ዘኬዎስ (ሓጺርን ሃብታምን ሰብኣይ) ንመድሓኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክርኢ ሳግላ ዝደየበላ ቦታ ካብዚ ቀጺልና ንቤተልሔም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተወለደሉ ከተማ ብምብጻሕ መስዋዕተ ቅዳሴ ኣዕሪግና።



ሓድነታዊ ጉጅለ ልኡካት ኣመሰያ፣ ሮቡዕ ድሕሪ ቀትሪ ናብ ሰበኻ ከረን ጉዕዞኦም ቀጺሎም፣ ኣብ ሓሊንመንተል ምስ በጽሑ፣ ቤተክህነትን ምእመናንን ሰበኻ ከረን ብዓቢይ ክብሪ ተቐቢሎም ክሳዕ ከረን ኣሰንዮምዎም። ኣብ ከተማ ከረን ከኣ ኣብ ከባቢ ርእሰ ኣድባራት ቤተክርስቲያን ቅ.ሚካኤል ብተመሳሳሊ መንገዲ ሕዝቢ ብሰልፊ ብያሬዳዊ መዛሙርን ዕልልታን ብድሙቕ ኣገባብ ተቐቢሉዎም። ኣብ ቤተክርስቲያን ጸሎት ኪዳን ብሓባር ምስ በጽሐ፣ ኣጋይሽ ከምቲ ኣብ ካልእ ቦታታትœውን ዝገብርዎ ዕላማ መምጺኢኦም ገሊጾም፣ ንሕዝቢ ቡራኬ ሃቡ።

ቀጺሎም ዋና ጸሓፊ ካቶሊካዊ ቤት ጽሕፈት ሰበኻ ከረን፣ ክቡር ኣባ ዑቕባጋብር ወልደጊዮርጊስ ብስም መላእ ሰበኻ ኣብ ዘስምዕዎ ቃል እንቋዕ ደሓን መጻእኩም፣ ቅድሚ ሎሚ እንቅበሎም ዝነበርና ኣጋይሽ ዝበዝሑ ጸዓዱ ኢዮም፣ ሎሚ ግን ኣፍሪቃውያን ኣሕዋትና ክትመጹና ከለኹም ክርስትና ኣፍሪቃ ብደቂ ኣፍሪቃ ርእሱ ምኽኣሉ ዘርኢ ዘሐጉስ ኣብነት ኢዩ ኢሎም።

ሓፈሻዊ ታሪኽ እዚ ሰበኻን ካብ 1995 ዓ.ም ክሳዕ ሕጂ ዝተጓዕዞ ጉዕዞን ብሓጺር ድሕሪ ምግላጽ፣ ብሓፈሻ ታሪኻዊ ገዳም ዘርኣ ክህነት ከረን ክሳዕ 120 ደቀባት ካህናት ከም ዘፍረየ ገሊጾም፣ ንኣጋይሽ ደጊሞም እንቋዕ ድሓን መጻእኩም ቢሎም ሓጐሶም ገሊጾምሎም። ኣጋይሽንœውን ብወገኖም በቲ ምዕሩግን ምቕሉልን ኣቐባብላን ሃናጽን ተንካፍን ቃል ኣባ ዑቕባጋብርን ሓጐሶምን ምስጋናኦም ገሊጾም። ኣብ መንበረ ጵጵስና ዝተሳናደወሎም ሺሻይ ተኻፊልሎም ከኣ ናብ መዕረፊኦም ኣምሪሖም።

ሓሙስ ንግሆ ኣጋይሽ ምስ ምእመናን ቁምስናታት ከተማ ከረን ኣብ ርእሰ ኣድባራት ቅ.ሚካኤል መስዋዕተ ቅዳሴ ብጉባሬ እንከዕርጉ፣ ኣብ እዋን ንባብ ቅዱስ ወንጌል ካርዲናል ጁዌ ነቲ ኣብ ኣሥመራን ሰገነይትን ዝበልዎ ዝመሳሰል ተስፋ ዘሰንቕ ጥዑም ቃል እግዚኣብሔር ኣስሚዖም። ድሕሪ ቅዳሴ ኣብ ቀጽሪ ቤተክርስቲያን ኣጋይሽ ምስ ምእመናን ኣብ ዝገበርዎ ርክብ፣ ነቶም ኣብ ምስራቕ ኣፍሪቃ ዝርከቡ ኣሕዋቶም ጳጳሳትን ቤተክህነትን ምእመናንን ወኪሎም ኣብ እምነትና ክንብርትዕ ከተባብዑና፣ ንዝግበር ሓዋርያዊ ስራሕ ክርእዩን ከም ዝመጹ እንኪገልጹ፣ ብወገን ምእመናን ከኣ ካብ ቤትምኽሪ ምእመናን ናይ እንቋዕ ድሓን መጻእኩም፣ ናይ ምስጋናን ቃሎም ኣስሚዖም። ቀጺሎም ከኣ ዓቢይ ትርጉም ዘለዎ ዝተፈላለየ ህያባት፣ ኣዴታት ኣገልግል፣ መሶብ፣ መኮምብያ፣ መንእስያት ከኣ ብጨርቕን ብዕንቁን ዝተሰርሐ ጥብሒ፣ ከምኡውን ኣቦታታት ናይ ጓሶት ምልክት፣ ነቶም ጓሶት ነፍሳት ዝኾኑ ጳጳሳት ኣባትር፣ ከምኡ ከኣ ብባህላዊ ኣገባብ ንእትፈትዎ ጋሻ ዝወሃብ ተንኮበት ሂቦሞዎም። ንሶምœውን ብሓጐስን ብምስጋናን ተቀቢሎምዎ።

ብተመሳሳሊ መንገዲ ኣብ ቅድስቲ ኣኘዘ ገዛ ደናግል ቅ.ሓና ኣብ ዝበጽሕሉ ከኣ ደናግልን ተመሃሮን ብኽብሪ ተቕቢሎምዎም። ተመሃሮ ምርኢት ባህላዊ ሳዕሳዒት ትሽዓተ ብሔራት ኤርትራ ገይሮም፣ ብስም ኩሎም ከኣ ሓደ ተመሃራይ ብቛንቛ እንግሊዝ ናይ እንቋዕ ድሓን መጻእኩም ቃል ኣስሚዑ። ኣብ 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ላሳልœውን ተመሃሮን መማህራንን ቤተክርስቲያን ብዘይ ናይ ሃይማኖትን ዓሌትን ፍልልይ ንኩሉ ከምእተገልግል፣ ሕዝብና ከኣ ብዘይኣፈላላይ ብሰኒትን ብሓድነትን ከምዝነብር ብወካሊ ምርኢት ገሊጾምሎም። ኣጋይሽ በቲ ዝረኣይዎ ናይ ቤተክርስቲያን ስራሓት ሓጐሶም ገሊጾም። ብድሕሪœዚ ኣብ ከረን ምስ ዘለዉ መራሕቲ ሃይማኖት ክርስትናን ምስልምናን ኣብ ዝገበርዎ ርክብ ቤተክርስቲያን ኣብ ዝኾነ ቦታ ናይ ሓድነት ማእከል ኮይና ክትሰርሕ ከምእትደሊ እንኪገልጹ ብወገን መራሕቲ ሃይማኖትœውን ቃለ ሰላምታን ምስጋናን ቀሪቡ። ምስ ኣብ ሰበኻ ከረን ዝርከቡ ገዳማውያንን ገዳማውያትንœውን ተራኺቦም ብስራሕ ቤተክርስቲያን ዘትዮም፣ ኣተባቢያም፣ ንማርያም ደዓሪት ተሳሊሞም፣ ጉዕዞም

ንሰበኻ ባረንቱ ቀጸሉ።

ወከልቲ ኣባላት ጉባኤ ጳጳሳት ምሥራቕ ኣፍሪቃ ኣብ ከተማ ባረንቱ ክኣትዉ ከለዉ ቤተክህነትን ምእመናን ሰበኻ ባረንቱ ብጳጳሶም ብፁዕ ኣቡነ ቶማስ ዑስማን ተመሪሖም፣ መስቀል ሒዞም፣ ባንዴራ ኤርትራን ቫቲካንን እናኣንበልበሉ ብያሬዳዊ መዛሙር ባህላዊ ድበላን ተቐቢሎም፣ ክሳዕ ቤተክርስቲያን ደብረ ኪዳነ ምሕረት ኣብጺሖምዎም። ኣብ ቤተክርስቲያን ሓጺር ጸሎት ኣብጺሖም፣ ቀጺሉ ብኣባል ቤት ምኽሪ ምእመናን ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ቃል ተሰሚዑ። ብወገን ኣጋይሽœውን መግለጺ ዕላማ ምብጻሖም፣ ሰላምታኦምን ቡራኬኦምን ቀሪቡ። ኣብዚ ስርዓት ተቕባል መራሕቲ ሃይማኖትን ሰበስልጣን መንግሥትንœውን ተሳቲፎም ነይሮም። ብድሕሪœዚ ናይ ምቕባል ኣገባብ ናብ ናይ ሓባር ድራር ኢዩ ተሓሊፉ። ኣብኡœውን ካብ ኩሉ ወገን ቃል ሰላምታን እንቋዕ ድሓን መጻእኩምን ተሰሚዑ።

ዓርቢ ንግሆ ምስ ኩሉ ሕዝቢ ብብዙሓት ካህናት ተሰንዮም መስዋዕተ ቅዳሴ ኣዕሪጎም። ንምእመናን ኣተባቢያም። ኣብ መልሶም ንመጕሎ ተኣልዮም፣ ብቤተክርስቲያን ብደናግል ደቂ ፍቕሪ ዝወሃብ ኣገልግሎት ሕክምና ርእዮም፣ ምስ መራሕቲ ሃይማኖትን መንግሥትን ናይቲ ቦታ ተዘራሪቦም፣ ንሕሙማት በጺሖም፣ መንገዶም ነሥመራ ኣብ ዘቅንዕሉ ነቍርደትን ሓጋዝን ተኣልዮም፣ ነቲ ብኣኅዋት ላሳል ዝካየድ ቤት ትምህርቲ ሕርሻን ፍርያቱን ርእዮም፣ ብድሓን- ሰላም ኣሥመራ ኣትዮም።

ቀዳም ናይ መወዳእታ ዕለት ዑደቶም ንባጽዕ ኣብ ዝተበገስሉ ኣብ እምባትካላ ብካህናት ካፑቺኒ፣ ኣብ ጊንዳዕ ከኣ ብቁምስና ደብረ መድኃኔ ዓለም ጊንዳዕ ብዝግባእ መሰናድኦ ዘሐጉስ እንግዶትን ተቐባልን ተገይርሎም። ኣብ ባጽዕœውን ምስ ኣገልገልቲ ቤተክርስቲያን ተራኺቦም ኣብኡ ብዛዕባ ዝወሃብ ሓዋርያዊ ስራሕ መግለጺ ተዋሂብዎም፣ ግርማ ከተማ ባጽዕን ተፈጥራዊ ሃብቲ ሃገርናን ርእዮም እናኣድነቁ ናብ መበገሲኦም ከተማ ኣሥመራ ተመሊሶም።

ምሸት ኩሎም ገዳማውያንን ገዳማውያትን ዝተሳተፍዎ፣ መፋነዊ ድራር፣ ኣብ መንበረ ቤተ ሊቀጳጳስ ተገይሩሎም። ድሕሪ ድራር ከኣ ኣጋይሽ በቲ ኩሉ ኣምላኽ ዝገበረሎም ድማዕ፣ ቤተክርስቲያን ዝገበረትሎም ኣቐባብላን ኣተሓሕዛን፣ መንግሥቲ ዝገበረሎም ምትሕብባርን ኣመስጊኖም። ንናይ ገዳማት ውህደትን ስምረትን ንኩሉ ናይ ቤተክርስቲያን ኣገልግሎትን ኣድኒቆም፣ ካብ ትዕዝብቶም ንቤተክርስቲያን ክብልዎ ዝደልዩ ዘተባብዕ ትሕዝቶ ዘለዎ ብሓባር ዘሰናደውዎ መልእኽቲ ኣንቢቦም። ኣብ መወዳእታ ከኣ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መግሥተኣብ ተስፋማርያም በቲ ኩሉ ዝገበርዎ ሓዋርያዊ ምብጻሕን ዝሃብዎ መልእኽትን ኣመስጊኖም፣ ሠናይ ጉዕዞ ተመንዮምሎም፣ እቲ መደብ ምብጻሕን ናይቲ ምሸት መደብን ብጸሎት ተዛዚሙ።

# ስእላዊ መግለጺ ሓድነታዊ ምብጻሕ ጉጅለ












# ኣባላት ማኅበር ጉባኤ ጳጳሳት ምሥራቅ ኣፍሪቃ ንኤርትራ









